ኤርትራ/ERITREA
ህዝባዊ መኸተ - ንሰላም ፡ ልኡላውነት ፡ ልምዓት
Hizbawi Mekete — für FRIEDEN;SOUVERÄNITÄT und ENTWICKLUNG

## ዕውት ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ከተማ ጊሰን
## (ኣብ ፈስቲቫል ጀርመን)
## ብዕለት 07.07.12 ተኻይዱ

ኤርትራውያን ተቐማጦ ጀርመን ብዕለት 07.07.12 ኣብ ከተማ ጊሰን ተረኺቦም ካብ ሰዓት 14፡30 ክሳብ ሰዓት 16፡00 ብሓደ ድምጺ ከም ወትሩ ኣንጻር'ቲ ብቐጻሊ ህዝብን መንግስቲን ኤርትራ፣ ንምንብርካኽን ንምስግዳድን ንዝመጻእ ተጻብኦታትን ንልዑላውነትን ድሕነት ሃገሮምን ዘሰናኽል ሸርሕታትን፣ ብስሙር ሃገራዊ ፍቕርን ኒሕን ስጡም ሓድነትን ኣብ ጎኒ ህዝብን መንግስቲ ኤርትራን ኮይኖም ከምዝምክትዎን ዘፍሽልዎን ዝገልጽን ዘተኣማምንን ሰፊሕ ሰላማዊ ኣኪይደም።

እቲ ሰላማዊ ሰልፊ ብዝከረ ሰማእታት ድሕሪ ምጅማር ቀጺሉ ብኣደ መንበር ሽማግለ መኽተ ጀርመን ወ/ሮ ሳባ ስዩም ብትግርኛ ፡ ወኪል መንእሰያት ፡ ወ/ት ሰምሃር ገብረኣብ ብቛንቋ ጀርመን ፡ ነቲ መዓልቲ ኣመልኪተን ንዕላማ ሰላማዊ ሰልፊ ዝገልጽ መደሬ ኣሰሚዔን ።

መደብ ሰልፈ በቶም ካብ ምሉእ ጀርመን ዝመጹ ኤርትራውያን መልእኽቶም ብዝተፍላለየ ጭርሖታትን ጽሑፋትን ብምግላጽ ፡ ጥምረትናን ውህደትናን ፡ ኣብነብሰ ሙርኮሳ እንካይዶ ተባዕ ቃልስና ምስክር ዓወትና እዩ ፡
ታሪኽ ብተደጋጋሚ ከምዘረጋገጾ፣ ሓቂ ብዓሎቐ ተቐቢሩ ክተርፍ ዝኽእል ኣይኮነን። ህዝቢ ኤርትራ ማህደር መኸተኡ ካብ ዝመሃሮ ተሞኩሮ ሓደን ዝዓበየን ምህሮ ከኣ፣ ይሕጸር ይንዋሕ፣ ይጥዓም ይምረር፣ ኣብ መደምደምታ ሓቂ ከምዝዕወት እዩ።
ደባዊ ምስሕሓብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፣ ቅድሚ 10 ዓመት ብ13 ሚያዝያ 2002 ብዝተዋህበ ውሳነን ኣብ 2007 ብዝተተግበረ ቨርቹዋል ምምልካትን ዝኽተመ ጉዳይ እዩ። ወተሃደራዊ ዕንደራ ኢትዮጵያ ብሓያል መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ተሳዒሩ፣ ምዕልባጣት ድሕሪ ስዕረት ብጽኑዕ ሕጋዊ መርገጺ መንግስቲ ኤርትራ ስለዝበነነ፣ ትስፉው ጉዕዞ ህዝቢ ኤርትራ ንምቁጻይ ዘንቀደ ተጻብኦታት፣ ዛንታ ፍሽለት ኮይኑ።

ህዝቢ ኤርትራ፣ንኹሉ'ዚ ዝተጠቕሰ ማሕለኻታት ፈንጢሱ ብዓቕሊን ኣፍልጠን ኣብ ዝበረኸ ኣርከን እናደየበ ብዝኸደ መጠን ከኣ፣ ጭንቀቶም እናዓረገ ክመጽእ ጸኒሑ ኣሎ። ኮይኑ ድማ ብዓረርን ፈኸራን ንኤርትራ ንምንብርካኽ ዝተሃቀነ ፈተነታት ከይተዓወተ ተረፉ፣ እቲ ንምብትታን ሓድነት ህዝብን ፡ ንምድፋር ልዑላውነት ሃገርን ፤ ዝተፋሕሰ ሕልሚ ተጻባእቲ ኣፍሺሉ ፡ ሕጂውን ከምወትሩ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ጸገኩር ኩነት ፡ ህዝቢ ኤርትራ ከምዝዕወት ዘየጠራጥር ሓቂ ምዃኑ ተሳተፍቲ ሰላማዊ ሰልፊ ደጊሞም ኣረጋገጹ።

ሕሉፍ ሓሊፎም ኣብ ከተማ ጊሰን ንፈስቲቫልና ንምዕንቓፍ ሓድነትና ንምብትታን መንግስትን ህዝብን ንምፍልላይ ዝግብር ጸለመን ፈኸራን ኣብ ጀርመን ዝነብር ኤርትራዊ ከም ቐደሙ ብሓያል መኸተ ብምግጣም ከም መቐጸልታ ኣብ ሙሉእ ጀርመን ክካየድ ዝጸንሐ ህዝባዊ መኸተ ሕጅውን ኣብ ከተማ ጊሰን ፈስቲቫልና ንምዕዋት ንእገዳ ንምፍሻልን ጥርኑፍን ጥሙርን መኸተ ንምሕያል ተሳተፍቲ ፈስቲቫል ኤርትራ ኣብ ከተማ ጊሰን ድልዋት ምዃኖም ቃል ኣተዉ።

በዚ ኣጋጣሚ ሽማግለ መኸተ ጀርመን ነቶም ነዚ ሰላማዊ ሰልፊ እዚ ዕዉት ንክኸውን ዝተሓባበሩ ኮሚተ ፈስቲቫል፣ ህዝባውያን ማሕበራት ማሕበረኮማትን ፡ ሃማደኤን ፡ ሽማግለ መኸተ ፡ መንእሰያትን፣ ፍሉይ ምስጋና ኣቕረበት ።
ተሰተፍቲ ሰላምዊ ሰልፊ ቀጻሊ መኸትኦም ንኸሕይሉ ቃል ብምእታው መደብ ሰላምዊ ሰልፊ ኣብ ጊሰን ብዓወት ተዛዚሙ።

ክብርን መጉስን ንጀጋኑ ሰማእታትና !

ዓወት ንሓፋሽ
ሽማግለ መኸተ ጀርመን
ጊሰን 07.07.2012